## ማሕደረ ቃላት

**Fred Talk** – ቅድሚ ምንባብ ነቲ ቃል ምድማጽ (blending)

**sound-blending** – ቃል ንምስራሕ ድምጽታት ብሓንሳእ ምልጋብ፣ ንኣብነት c–a–t *cat*

**special friends** – ብልዕሊ ሓደ ፊደላት እተጻሕፉ ድምጽታት፣ ንኣብነት **sh፣ ng፣ qu፣ ch**

**Speed Sounds** – ቃላት ዘቕውም ድምጽታት ናይ ውልቀ-ሰብ



ስምዒት ብዘለዎ ዛንታታት ንውሉድካ ኣንብበሉ! ነቲ ዛንታ ዝያዳ ብዝፈተኻዮ፣ ብዝበለጸ ውሉድካ ንባብ ክፈቱ እዩ።

2ይቲ መጽሓፍ ንውሉድካ ብኸመይ ንባብ ክለማመድ ከም እትሕግዞ ትነግረካ

- Sets 2 ከምኡውን 3 Speed Sounds
- ሮዛ፣ ኣራንሽኒ፣ ብጫ፣ ሰማያዊ ከምኡ'ዉን ሓሙኹሽታይ ዝሕብሮም Storybooks ።

https://www.ruthmiskin.com/en/find-out-more/parents/ ንውሉድካ ዘድልየካ ዝሕግዘካ ብዙሕ ቪድዮታት ኣለዎ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ *Read Write Inc.*፣ በጃኻ ነቲ ቤት ትምህርቲ ውሉድካ ዘሎ ናይ *Read Write Inc.* ኣካያዲ ስራሕ ኣዘራርበ ወይ ኣብዚ ወብሳይት ርአ visit www.readwriteinc.com.

OXFORD UNIVERSITY PRESS

web www.oxfordprimary.co.uk
email primary.enquiries@oup.com
tel. +44 (0) 1536 452610

www.oup.com

Read Write Inc. ስነ-ድምጺ

# ኣብ ቤትካ ምንባብ

## 2ይቲ መጽሓፍ

ውሉድካ በቲ ኣዝዩ ህቡብን ዕዉትን ዝኾነ ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ፕሮግራም፣ *Read Write Inc.Read Write Inc.*ስነ-ድምጺምንባብ ይመሃር ኣሎ። እዛ **ካልኣይቲ መጽሓፍ** ንውሉድካ ብኸመይ ናብቲ ቕልጡፍ ምጅማር ከም ትለቆ ትሕብረካ።

ውሉድካ ብቐሊል መንገዲ ምንባብ ክመሃር እዩ።
ንሱ ወይ ንሳ ነዚ ዝስዕብ ክ/ትመሃር ኢዩ/ያ፥

1. ምንባብ **ፊደላት** ብ 'ድምጾም'
2. ነዞም ድምጽታት ናብ **ቃላት** ምውህሃድ
3. ነቶም ቃላት ኣብ **ዛንታ** ምንባብ።



OXFORD

## ውሉደይ ብኸመይ እዩ ምንባብ ክመሃር?

ውሉድካ ነዚ ዚስዕብ ምንባብ ተማሂሩ ኢዩ፥

- Set 1 Speed Sounds፡ እዚኦም ብሓደ ፊደል እተጻሕፉ ድምጽታት ኢዮም፥ **m a s d t i n p g o c k u b f e l h r j v y w z x** ከምኡ'ዉን ብኽልተ ፊደላት እተጻሕፉ ድምጽታት (ውሉድካ ነዚኦም ' special friends ' ኢሉ ክጽውዖም እዩ)፥ **sh th ch qu ng nk ck**
- Sound-blending ፣ ነዚ ድምጽታት እዚ ዝሓዙ ቃላት፣ ንኣብነት m–a–t *mat*, c–a–t *cat*, g–o–t *got*, f–i–sh *fish*, s–p–o–t *spot*, b–e–s–t *best*, s–p–l–a–sh *splash*
- Blending Books ከምኡ'ዉን ቀይሕ፣ ቀጠልያን ሊላን ዝሕብሮም Storybooks።

ሕጂ፣ ንሱ ወይ ንሳ ነዚ ዝስዕብ ምንባብ ክ/ክትመሃር ኢዩ/ያ፥

- Set 2 Speed Sounds: **ay ee igh ow oo oo ar or air ir ou oy**
- ነዚ ድምጽታት እዚ ዝሓዙ ቃላት
- ሮዛ፣ ኣራንሽኒን ብጫን ዝሕብሮም Storybooks ።

ቀጺሉ፣ ንሱ ወይ ንሳ ነዚ ዝስዕብ ምንባብ ክ/ክትመሃር ኢዩ/ያ፥

- Set 3 Speed Sounds:፡ **ea oi a-e i-e o-e u-e aw are ur er ow ai oa ew ire ear ure**
- ነዚ ድምጽታት እዚ ዝሓዙ ቃላት
- ሰማያዊን ሓሙኹሽታይን ዝሕብሮም Storybooks ።



## *ንምንባብ ውሉድካ ብኸመይ ከም እትሰምዕ*



- ውሉድካ ቅድም ከየንበበልካ ነታ መጽሓፍ ዓው ኢልካ ኣይተንብበ።
- ውሉድካ ነቲ ዘንታ ቕድሚ ምንባቡ ወይ ምንባባ ነቲ ድምጽን ቃላትን ከንብበ ሕተቶ።
- ውሉድካ ነቲ ዘንታ ከንብበ ከሎ፣ ነቲ ብኡንብኡ ከንብበ ዘይክእል ወይ ከተንብበ ዘትይክእል ቃላት ከድምጾ ወይ ከተድምጾ ሕተቶ/ታ። ውሉድካ ካብ መጠን ንላዕሊ ክጽዕር ኣይትፍቀደሉ። ውሉድካ ምስ ተዓወተ ወይ ምስ ተዓወተት ነኣዶ/ዳ።
- እቲ ትልሚ ምእንቲ ክቅጽል ንነፍሲ ወከፍ ምሉእ ሓሳባት ወይ ገጽ ንድሕሪት ተመሊስካ ኣንብበ። (ናይ ውሉድካ ሓይሊ ናብ ምንባብ ቃላት እንበር ናብ ምንባብ ዛንታ ኣይኮነን።)
- ንውሉድካ በቲ ስእልታት ተጠቂምካ ነቲ ቃል ክግምት ኣይትሕተቶ።
- ነዚ ኩሉ ብትዕግስትን ብፍቕርን ግበሮ!

ቈልዑ ፍቅሪ ናይ ዛንታታት ምእንቲ ከማዕብሉ ኣብ ቤት ትምህርቲ መዓልታዊ ናይ ዛንታ ግዜ ኣሎና። ምሸት ምሸት ንውሉድካ ናይ እዋን ድቃስ ዛንታ ብምንባብ ከምዚ ክትገብር ተስፋ ንገብር። ኣብ ቤት ትምህርቲ ክትልቅሕዎ እትኽእሉ ዘደንቕ መጻሕፍቲ ኣሎና።

## 2. ውሉድኻ ነቲ Storybooks ከንብብ ሓግዞ

### ጸሊምን ጻዕዳን ዝሕብሩ Storybooks

ውሉድኻ ጸሊምን ጻዕዳን Storybook *Read Write Inc. Phonics* ናብ ቤቱ ምምጻእ ኪቕጽል እዩ። እዚ ቅዳሕ ናይቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘንብቦ ወይ ተንብቦ ሕብራዊ ርዕመት እዩ።





ውሉድኻ ነዚ ዘንታ እዚ ምስ መምህሮም ሰለስተ ሳዕ ስለ ዘንበቦ፣ ስለዚ ነቲ ዘንታ ብምትእምማን ከንብቦ ኣለዎ።

ነቲ ንጥፈታት ብኸመይ ከም እትስዕቦ ዝገልጽ ሓጺር መግለጺ ኣብቲ መጻሕፍቲ ተጠቓሊሉ ኣሎ።

### Book Bag Books

ውሉድኻ Book Bag Books እውን ናብ ቤቱ ከምጽእ ይኽእል ኢዩ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ኣብቲ ንሱ ወይ ንሳ ዘንበቦ ወይ ተንብቦ Storybook ዘሎ ሓሳባትን ሓያሎ ቓላትን እትሃንጸ ኢዩ። ውሉድካ ኣብ ምንባብ እዚ መጽሓፍ ዝያዳ ደገፍ ክደልይ ኢዩ።




እንደገና፣ ነቲ ንጥፈታት ብኸመይ ከም እትጥቀመሉ ዝገልጽ ጽሑፋት ኣብቲ መጻሕፍቲ ተጠቓሊሉ ኣሎ።





## 1. ውሉድኻ ነቲ Sets 2 ከምኡውን 3ን ቅልጣፈ ድምጽታት ንኸንብብ ሓግዞ

ውሉድኻ ነቲ Set 2 ወይ ክዋን Set 3 Speed Sounds cards ወይ ነቲ *My Sets 2 and 3 Speed Sounds Book* ናብ ቤቱ ከምጽእ ኢዩ።

ነፍሲ ወከፍ ድምጺ ውሉድካ ነቲ ድምጺ ንኽዝክሮ ዝሕግዞ ስእልን ሓረግን ኣለዎ። ንኣብነት፥

- እቲ 'ay' ዝብል ድምጺ 'May I play?' ዝብል ሓረግ ምስ ብሓባር ዝጻወቱ ዘለዉ ስእሊ ቈልዑ ኣለዎ
- እቲ 'ee' ዝብል ድምጺ 'What can you see?' ዝብል ሓረግ ምስ ኣብ ገረብ ዘለዉ ክልተ ኣወዳት ስእሊ ኣለዎ።






## ክዋን (ጉጅለ) 2 ቅልጣፈ ድምጽታት ካርድታት ብምጥቃም

ፈለማ፣ ኣብቲ ማሕፉዳ (ጥማር)፣ ነዚም ድምጽታት ርኸብ፡ ay ee igh ow oo

1. ነቲ ስእሊ ገምጥሎ እሞ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ እንቀልጠፍካ፣ ንውሉድካ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካርድ ዘሎ ሓረግ ከድምጾ ሕተቶ።
2. ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ እንቀልጠፍካ፣ ንውሉድካ ነቲ ኣብ ጐድኒ እቲ ፊደል ዘሎ ድምጽታት ንኽድምጾ ሓግዞ። ንሱ ወይ ንሳ እንተ ረሲዕዎ ወይ እንተ ረሲዓቶ፣ ናብ እቲ ስእሊ ዘለዎ ምለሶ። ውሉድካ ንኸረጋግጽ ከይገምጠለ ነቲ ድምጺ ከድምጾ ምስ ዝኽእል፣ ቅልጣፈ ወስኸሉ!
3. ነዚ ድምጽታት ደጋግም፡ *oo* ar or air ir ou oy ድሕሪኡ ነዚ ካርድታት ድምጺ እዚ ምስቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሓዋውሶ። ውሉድካ ነዚ 12 ድምጽታት እዚ ብቕልጡፍን ብምትእምማንን ክሳዕ ዘንብብ ምልምማድ ቀጽል።



ኣብ ክፍሊ እቲ Speed Sounds ምምሃር።


## Set 3 Speed Sounds ብምጥቃም

ፈለማ፣ ኣብቲ ማሕፉዳ (ጥማር) ፣ ነዚም ድምጽታት ርኸብ፡ ea oi a-e i-e o-e u-e

1. ነቲ ስእሊ ገምጥሎ እሞ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ እንቀልጠፍካ፣ ንውሉድካ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካርድ ዘሎ ሓረግ ክድምጾ ሕተቶ።
2. ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ እንቀልጠፈ፣ ንውሉድካ ነቲ ኣብ ጐድኒ እቲ ፊደል ዘሎ ድምጽታት ንኽድምጾ ሓግዞ። ንሱ ወይ ንሳ እንተ ረሲዕዎ ወይ እንተ ረሲዓቶ፣ ናብቲ ስእሊ ዘለዎ ምለሶ። ውሉድካ ንኸረጋግጽ ከይገምጠለ ነቲ ድምጺ ከድምጾ ምስ ዝኽእል፣ ቅልጣፈ ወስኸሉ!
3. ነዚ ድምጽታት ደጋግም፡ aw are ur er ow ai oa ew ድሕሪኡ ነዚ ካርድታት ድምጺ እዚ ምስቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሓዋውሶ። ውሉድካ ነዚ 14 ድምጺታት ድምጽታት እዚ ብቕልጡፍን ብምትእምማንን ክሳዕ ዘንብብ ምልምማድ ቀጽል።
4. ነዚም ድምጽታት ደጋግም፡ ire ear ure

## ናተይ Sets 2 and 3 Speed Sounds Book ብምጥቓም

ንውሉድካ ነቲ መጽሓፍ ሓሓሊፉ ክርእዮን ከም ዝእተኻእሎ መጠን ወይ ከም ዝተኻእለ መጠን ቀልጢፉ ወይ ቀልጢፋ ነቲ ድምጺ ከንብቦ ወይ ከተንብቦ ሕተቶ/ታ። ውሉድካ ድምጺ ምንባብ ሰጋእ መጋእ እንተ ኢሉ፣ እቲ ስእሊ ከም መዘኻኸሪ ኣብ ድሕሪት ኣሎ። ውሉድካ ኣብኡ ኣብቲ ገጽ ነቲ ድምጺ መጽሓፍ'ውን ክለማመድ ይኽእል ኢዩ።




ኣብ *My Sets 2 and 3 Speed Sounds Book.* ምንባብን ምጽሓፍን ድምጺታት ተለማመድ።